# ክትሰርሕ እንከለኻ
# መሰላትካ ፍለጥ!

## መሰላት ኣለዉኻ!

መሰላት ዕዮ ሰብኣዊ መሰላት እዮም! ኣብ ኔዘርላንድ እትሰርሖ ዓይነት ስራሕ ብዘየገድስ፣ ነፍስወከፍ ሰብ ሓደ ዓይነት መሰላት ዕዮ እዩ ዘለዎ። ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ቅድመ-ኩነታት ብሕጋዊ መንገዲ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ግን ድማ ዋላ ብሕጋዊ መንገዲ ክትሰርሕ ዘይተፈቕደልካ (ወይ ገና ዘይተፈቕደልካ) ክለኻ ኣብ እትሰርሓሉ እዋን እውን ገና መሰላት ዕዮ ኣለዉኻ።

**ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ፡**

>> ዝተሓተ ገደብ-ደሞዝ (ኣስታት €13 ንሰዓት)፤
>> በዓላት፣ ዕረፍቲን ነጻ ግዜን፤
>> ምስ እትሓምም ወይ ነፍሰጾር ምስ እትኾኒ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ፤
>> ምስ እትሓምም ናብ ሓኪም ናይ ምኺድ ዕድል።

ስራሕ ኣብ እትደልየሉ እዋን ድሉው ኩን። ሰባት ንስራሕ ክቐርቡኻ እንከለዉ (ብኣካል ወይ ብኢንተርነት) ተወሳኺ ኣቓልቦ ይሃልኻ። ዘይወግዓዊ ስራሓትን፣ ናይ ህንጻት፣ ጽሬት፣ ቤትን ሕርሻን ስራሓትን ልዑል ናይ ምዝመዛ ስግኣት ዘለዎም እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ኢንዱስትሪ ጾታዊ ርክብ ዝሰርሑ/ሓ ሰባት ንምዝመዛ ዝያዳ ተቓላዕቲ እዮም።

እቲ ዘሕዝን ግን ንስደተኛታት ብምምዝማዝ ክጥቀሙን፣ ንሰባት ትሕቲ እቲ ዝተሓተ ገደብ-ደሞዝ እናኸፈሉ ን/ወይ ኣብ ዘይውሑስ ኩነታት ከስርሑ ዝፍትኑ ኣስራሕቲ ኣለዉ። **ኣብ ከቢድ ኩነታት እዚ ምዝመዛ ይበሃል።**

**ኣስተውዕል!** ሓተትቲ ዑቕባ ክሰርሑ ዝፍቀደሎም ዝተወሰኑ ቅድመ-ኩነታት ኣለዉ። ነዞም መምርሒታት እንተድኣ ዘይተኸቲልካዮም፣ ንዓኻን ንኣስራሒኻን ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

## ብኸመይ ብውሕስነት ትቕጽል!

**ገዛእ-ርእስኻ ንምክልኻል ዝሕግዙ ምኽርታት፡**

1. መሰላትካ ፍለጥ! ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ RefugeeHelp ብዛዕባ ዘለዉኻ መሰላት ዕዮ ዝምልከት ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
2. ንኽትኣምኖ ዘጸግም ኣዝዩጽቡቕዝመስል (ብኢንተርነት ዝቐርብ) ናይ ስራሕ ዕድል ብዝምልከት ተጠንቀቕ።
3. ብኢንተርነት ጥራይ ምስ እትፈልጦ ሰብ ብሕታዊ ሓበሬታን ውልቃዊ ስእልታትን/ቪድዮታትን ኣብ ምሃብ ተጠንቀቕ።
4. ንመጀመርታ ግዜ ምስ ሓደ ኣስራሒ ክኸውን ዝኽእል ሰብ ንኽትራኸብ ክትከይድ እንከለኻ ምሳኻ ሓደ ሰብ ተማላእ ን/ወይ ሓደ ሰብ ኣበይ ከም ዘለኻ ከም ዝፈልጥ ግበር።
5. ምስ ሓላፊኻ ብዛዕባ ደሞዝካ፣ ናይ ስራሕ ሰዓታትካን መዓስ ከም እትኽፈልን ብዝምልከት ስምምዓት ግበር።
6. ብዝርድኣካ ቋንቋ ውዕል ንምግባር ሕተት፣ ከምኡ እውን ቅዳሕ ሓዝ።
7. ኣብ ሓደ ቦታ ከም ዝሰራሕካ ዘረጋግጹ መርትዖታት ኣክብ፣ ከም ስእልታት ዝኣመሰሉ። ዝሰራሕካዮም ሰዓታትን ክንደይ ከም ዝተኸፍለካን ተኸታተሎም። ከም ናይ ዋትስኣፕ መልእኽቲታትን ኢ-መይላትን ዝኣመሰሉ ናይ ስራሕ ስምምዓት ዓቅቦም። ብኸምዚ መንገዲ ነገራት ከምቲ ዝተሓሰበ እንተድኣ ዘይከይዶም (ዋላ ውዕል ዘይብልካ እንተኾንካ እውን!) እቲ ዝግበኣካ ንምርካብ ክትጥቀመሉ እትኽእል መርትዖ ይህልወካ።
8. ኣብ ስራሕካ ወይ ምስ ሓላፊኻ ጸገም ምስ ዘጋጥመካ ሓገዝ ሕተት።

Rode Kruis
VluchtelingenWerk Nederland
FAIRWORK

TIG-2024





## ኣብዞም ዝስዕቡ ሓገዝ ሕተት፡

- ውሕስነት ምስ ዘይስምዓካ።
- ትሑት ደሞዝ ትኽፈል ምስ እትህልው ወይ ፈጺምካ ምስ ዘይትኽፈል።
- ሓደገኛ/ንጥዕና ጎዳኢ/ገበናዊ ስራሕ ንኽትሰርሕ ምስ እትግደድ።
- ሓላፊኻ ብሕማቕ ዝሕዘካ ምስ ዝኸውን።
- ብዘይፍቓድካ ክትሰርሕ፣ (ብኢንተርነት) ጾታዊ ስራሕ ክትፍጽም/ሚ፣ ወይ ገበናዊ ንጥፈታት ክትገብር ምስ እትግደድ/ዲ።
- ምፍርራሕ ምስ ዝበጽሓካን፣ ነቲ ስራሕ ንኽትሓድጎ ነጻነት ምስ ዘይስምዓካን።
- ፓስፖርትኻ ምስ እትምንዛዕ።
- ኣስራሒኻ ምስ ስድራ-ቤትካ፣ ኣዕሩኽትኻ ወይ መሓዙትካ ንኽትራኸብ ዘይፈቅደልካ ምስ ዝኸውን።
- ኣብ እትሓመሉ እዋን ናብ ሓኪም ንኽትከይድ ዘይፍቀደልካ ምስ እትኸውን።
- ንዓኻ ወይ ንስድራኻ ምፍርራሕ ወይ ንምቕላዕ ታህዲድ ምስ ዝበጽሓኩም።
- ብዛዕባ እቲ ክተሰርሖ ተባሂሉ ዝነበረ ዓይነት ስራሕ ሓላፊኻ ሓሲዩ ምስ ዝርከብ።
- ሓላፊኻ ሰነዳት ከምዘይብልካ ንፖሊስ ክነግረልካ ምኧኑ ምስ ዘፈራርሓካ።

**ንሓደ ካብዞም ኩነታት ተለልዮ ዲኻ? ንስኻ ወይ እትፈልጦ ሰብ ኣብ ስራሕ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ሓገዝ ሕተት!**

## ሓገዝን ምኽርን

**ሓገዝ ወይ ምኽሪ የድልየካ ድዩ? ኣብ ስራሕ ምዝመዛ ወይ ጸገማት ምስ ዘጋጥመካ፣ ዋላ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብልካ እንተኾንካ እውን ብነጻ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ውድባት ኣለዉ።**

- **ብዛዕባ እቶም ጸገማት ምስ ሓደ እትኣምኖ ሰብ ተመያየጥ፣** ንኣብነት ኣብ መዕቆቢ ቦታኻ ምስ ዝርከብ ናትካ ተጸዋዒ-ሰብ ማለት ኮንታክትፐርሶን።
- **ኣብ ስራሕ ጸገማት ምስ ዝህልወካ ምስ** FairWork ርክብ ግበር። ንሳቶም መብዛሕትኡ ግዜ ብቋንቋኻ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡ **0031 6 51 77 12 49 (WhatsApp)።** / africa@fairwork.nu
- ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ **RefugeeHelp** ብዛዕባ **ስራሕን መሰላት ዕዮን** ዝምልከት ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
- **ንሓደ ጉዳይ ብውሑስ መንገዲ** ናብ ፖሊስ ክትሕብር **መሰል ኣለካ።** እንተተኻኢሉ መጀመርታ ብዛዕባ እዚ ምስ ናይ ረድኤት ትካል ወይ ምስ ጠበቓ ተዘራረበሉ። ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱው ኩነታት ምስ ዘጋጥም ናብ ናይ ህጹጽ ረድኤት ቁጽሪ 112 ደውል።
- ሕቶ ምስ ዝህልወካ፣ ብመንገዲ **0031 - 970 102 869 64** **ምስ ናይ ዋትስኣፕ መስመር ሓገዝ ቀይሕ መስቀል [Red Cross WhatsApp Helpline]** እውን ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

Red Cross WhatsApp Helpline

RefugeeHelp

FairWork